# ረዚን ዝኽሪ 20 ሰነ ብረዚን መንፈስ ኣብ ረዚን ቦታ

እታ ንመዓልቲ ሰማእታት ዝተሓርየት ዕለት 20 ሰነ ኣብ ዉሽጥን ወጻእን ኣብ መላእ ዓለም ሓባራዊ ዝኽሪ ንምክያድ ዝተሓርየት ዕለት እያ።ስለ ዝኾነ ኩሉ ኤርትራዊ ብክብ ዝበለ ኣገባብ ዝዝክራ።ኤርትራዉያን ነባሮ ስቱትጋርትን ከባቢኡን ካብ ካልእ ከተማታት ዝመጹ ብርክት ዝበሉ ዝተሳተፍሉ ነቶም ምእንቲ ብዙሓን ንሰብኣዉን ሃገራዉ ክብሪ እቲ ክብሩን መተካእታ ኣልቦ ዝኾነ ኣካሎም በጅዮም ገንሸል ናጽነት ዝኾኑ ንመስዋእቲ ዝተወፈዩ ሰማእታት ንምዝካር ኣብ ትሕቲ ስንደቕ ገረብ ስዉኣትን እምነበረድ ሓወልቲ ዝርከበሉ ቦታ ኤስሊንገን ብልዑል ፍናንን ሃገራዊ ወንን ረዚን ሓባራዊ ዝኽሪ ኣካይዶ።

ኣብቲ ብምሉእ ኣሳናዳእነት፡ብቃ ዘበለ ምድላዋት ማሕበረ ሰብ ኤርትራ ኤስሊንገን ብኣወሃሃድነት ማሕበረኮም ስቱትጋርት ዝተዋደደ ረዚን ዝኽሪ ሓያሎ ህዝቢ ተሳቲፍዎ። ኣብቲ ኣጋጣሚ ካብ ዝተፈላለየ መበገሲ ነቑጣታት ዝተበገሱ ልዕሊ 150 ሰባት ናይ እግሪ ጉዕዞ ናብ ገረብን ሓወልትን ስዉኣት ዝርከበሉ ቦታ ኤስሊንገን ተጋዒዞም።

ተሳተፍቲ ብስጡም መስርዕ ብመራሕቲ ሃይማኖት ተመሪሖም ናብ ገረብን ሓወልትን ስዉኣት ከበቡ።ዝኽሪ ሰማእታት ምስ ተኻየደ ብመራሕቲ ሃይማኖት ምስ መዛሙራኖም ንቡር ፍትሓንትን ጸሎትን መዝሙርን ተኻይዱ።ቀጺሉ ኣቦ መንበር ማሕበረሰብ ኤርትራ ኤስሊንገ ኣቶ ገብሪሂወት ስዩም ሰላምትኡ ብምቕዳም እዚ ሎሚ ዝካየድ ዘሎ ረዚን ሓባራዊ ዝኽሪ፡ ዝኽሪ ሓበንዩ ድሕሪ ምባል ናይ ሎሚ ዕለት ኣታዊ ወጻኢታቱ ከይተላዕለ ብምሉኡ ተደሚሩ ኣብ መዓላ መሳሰን ማዕከን ስድራቤት ስዉኣት ዝዉፈ ምኻኑ ሓቢሩ። ቀጺሉ እዚ ማሕበር እዚ ናይ ፈለማ ወፋይ ከም ዘይኮነ ብንጹር ኣስሚርሉ።

ኣቦ መንበር ማሕበረኮም ስቱትጋርት ኣቶ ዘርኣጼን ተስፋጼን ብወገኑ ን20 ሰነ ዝምልከት መግለጺ እዚ እነካይዶ ዘሎና ረዚን ዝኽሪ ሕድርናን ማሕላናን እነሐድሰሉ ሰማኣታትና ዝሃቡና ሕድሪ እንስከመሉ ስለ ዝኾነ ንሕድሮም ብመብጽዓና ክንድብሶ ይግባእ ኢሉ። ኣስዒቡ ብሓፈሻ ንኩሉ ተሳታፊ ብፍላይ ድማ ንማሕበረስብ ኤርትራዉያ ኣብ ኤስሊንገን ንዝገበርዎ ኣዕጋቢ ምድላዋትን ወፈያን ብምሙጋስ ኩሉ ንቐጻሊ መደብ ናብ ክለብ ማሕበረሰብ ኤስሊንገን ከምርሕ ኣዘኻኺሩ።ብማሕበረሰብ ኤስሊንገንን ብማሕበኮም ዝተወፈየ ኣኽሊል ዕንባባ ናይ ኣብ ገረብን ሓወልትን ምንባር ስነ ስርዓት ምስ ተኻየደ። ምንባር ክታም ኣብ መዝገብ ስዉኣት ብመራሕቲ ሃይማኖት ተጀሚሩ ብተሳተፍቲ ድማ ብስነ ስርዓት ዝሰፈኖ ኣገባብ ቀጺሉ።ኩሉ ክታሙ ዘንበረ ኣብ ገረብን ሓወልትን ስዉኣት ብምስጋድ ሽምዓ ብምብራህ ዕታር ዕንበባ ብምንባር ቅሰኑ ብምባል ምስ ሰማእታት ሕልናዊ ልዝብ ኣካይዱ።

ዝሰፈሐ ቀጻሊ መደብ ኣብ ክለብ ማሕበርሰብ ኤስሊንገን ኣብ ብግቡእ ዝተወቀበ ዳስ ጽንዓት ንቅያን ታሪኽን ሰማእታትና ዘሰክሙና ሕድርን ዝትርኽ ልዕሊ ሸዉዓት ግጥምታት ተንቢቡ።ንኣታዊ መሳሰኒ ማዕከን ስድራቤት ስዉኣት ንምዕንታር ሞባእ ተዋጺኡ።ከምኡ ድማ ብወ/ሮ ገነት ዑቕባይ ዝተወፈየ ንብረት ዕጫ ወዲቑ።እዚ ረዚን ዝኽሪ ብሰልፊ ምዉላዕ ሽምዓ ብናይ ሓብራዊ ጭርሖን ዝኽሪ ሰማእታት ብድምቀት ተዛዚሙ።

ማሕበረስብ ኤርትራዉያን ኣብ ወረዳ ኤስሊንገን